መጽሓፍ ቅዱስ ንህጻናት



# እቲ ካብ እግዚኣብሄር ዝተላእከ ሰብኣይ

ጸሓፊ ፡- Edward Hughes
ገላጺ ፡- Byron Unger; Lazarus
Alastair Paterson
ኣወሃሃዲ፣ E. Frischbutter; Sarah S.
ትርጉም ፥ ሰላም ተወልደ
ኣባዛሒ፡- Bible for Children
www.M1914.org

BFC
PO Box 3
Winnipeg, MB R3C 2G1
Canada

©2020 Bible for Children, Inc.
ፍቓድ፣ ምቅዳህን ምብዛሕን እዚ ዛንታ ፍቑድ እዩ። ኣብ መሸጣ ክሳዕ ዘይወዓለ፣

ኣብ ዉሽጢ ናይ እግዚኣብሄር ቤት መቅደስ ሓደ ዘካርያስ ዝብሃል ካህን ይዓጥን ነበረ። ኣብ ደገ ድማ ቡዙሓት ህዝቢ ይጽልዩ ነበሩ። ሃንደበት ግን ዘካርያስ ፈርሐ።



መልኣኽ መጺኡ ድማ "ኣይትፍራሕ" በሎ። "እግዚኣብሄር ኢዩ ሰዲድኒ፡ በዓልቲ ቤትካ ወዲ ክትወሊድ ኢያ። ዮሃንስ ኢልካ ድማ ስመዮ። ንሱ ኣብ ከብዲ ኣዲኡ ከሎ መንፈስ ቅዱስ ክመሎኦ ኢዩ። ንቡዙሓት ድማ ናብ ቤት ኣምላኽ ከምጽእ እዩ" በሎ።



"ዘካርያስ ተዛረበና እባ" እቶም ኣብ ደገ ዝነበሩ ሰባት ብስንባደ በሉ። ገብሪኤል መልኣክ ንዘካርያስ "ክሳዕ እቲ ህጻን ዝዉለድ ኣይክትዛረብን ኢኻ ከም ዝበሎ" ኣይፈለጡን ነበሩ፡፡ እዚ ድማ ነቲ እግዚኣብሄር ዝበሎ ቃል ስለ ዘይኣመነ እዩ። ንሱ ሰበይተይ ኣረጋ እያ ክትወልድ ኣይትክእልን እያ ኢሉ ይሓስብ ነበረ።



ናብ ቤት ምስ ከደ ዘካርያስ ኩሉ እቲ መልኣኽ ዝበሎ ኩሉ ብጽሒፈት ነገሮም። አልሳቤጥ ሰበይቱ ድማ ተደነቀት። ንሳቶም ኩሉ ግዜ ቆልዓ ክወሃቦም እዮም ዝጽልዩ ኔሮም። ሕጂ ኸ ቆልዓ ይወልዱ ዶ ይኾኑ?





ድሕሪ ዉሑድ
መዓልታት ድማ
አልሳቤጥ ከም
ዝጠነሰት ፈለጠት።
ንእግዚኣብሄር ድማ
ኣመስገነት። ማርያም
ጓል ሓትንኣ
ንኤልሳቤጥ ድማ
ክትበጽሓ መጸት።
ማርያም ዉን ህጻን
ትጽብ ነበረት፡፡



ማርያም ናብ ኣልሳቤጥ
ምስ በጸሐት ድማ ኣብ
ከርሲ ኣልሳቤጥ ዝነበረ
ህጻን ተሰራሰረ፡
መንፈስ ቅዱስ ድማ
መለኣ። እቲ ኣብ ከርሲ
ማርያም ዘሎ ህጻን
የሱስ ክርስቶስ እቲ
ጎይታ ሙኻኑ ትፈሊጥ
ነበረት። ክልትኤን ድማ
ሓቢረን ንጎይታ
ብሓጎስ ኣመስግንኦ።

ኤልሳቤጥ ድማ ከምቲ ተስፋ እግዚኣብሄር ነቲ ህጻን ወለደቶ።
"ዘካርያስ ኢልና ስም ነውጻኣሉ ልክዕ ከም ናይ ኣቦኡ" በሉ እቶም
ካህናት። ዘካርያስ ግና እግዚኣብሄር ዝሃቦ
ስም ዘኪሩ ነበረ። ኣይፋልን! የውሃንስ
ኢና ንብሎ ድማ በሎም። ዘካርያስ
ነቲ ስም ክጽሕፈሎም ከሎ ድማ
ኣፉ ተኸፍተ። ንእግዚኣብሄር
ድማ ኣመስገነ።



ዮሃንስ ክዓቢ ከሎ ድማ ልክዕ ከም ኤልሳእ እቲ ዓቢ ናይ ኣምላኽ ሰብ ኢዩ ኔሩ። ዮሃንስ ድማ እቲ ዓቢ መሲህ ኪባርኾም ይመጽእ ከም ዘሎ ንቶም ህዝቢ ይነግሮም ነበረ። ናይ ኣይሁድ መራሕቲ " ካብ ሓጢኣትኩም ተነስሑ" ይብሎም ስለ ዝነበረ ይጸልእዎ ነበሩ። ብዛዕባ ሓጢኣቶም ክሰምዑ ድማ ኣይደልዩን ነበሩ።



ካልኦት ግና ዮሃንስ መጥመቅ ኢሎም ይጽዉዕዎ ነበሩ፡ ምኽንያቱ ንሰባት ካብ ሓጢኣቶም ዝተነስሑ ብማይ ይጥምቆም ስለ ዝነበረ። ሓደ መዓልቲ ግና የሱስ ናብ ዮሃንስ ክጥመቅ መጸ።"ኣነ እየ ብኣኻ ክጥመቅ ዝግብኣኒ" በሎ ዮሃንስ ንየሱስ፡ የሱስ ግና "ይኹን ደኣ ሕደጎ በሎ"፥ ዮሃንስ ድማ ንየሱስ ኣጠመቆ፡፡



ድሕሪ የሱስ ምጥማቁ ድማ ፡ ዮሃንስ መንፈስ ቅዱስ ከም መልክዕ ርግቢት ኣብ የሱስ ኪዓልብ ርኣየ። እዚ ናይ እግዚኣብሄር ምልክት እዩ ኔሩ። ዮሃንስ ድማ የሱስ ወዲ ኣምላኽ ሙኻኑ ፈለጠ። ዮሃንስ ድማ ንየሱስ እቲ ሓጢኣት ዓለም ዘርሕቅ ገንሸል እንሃለ በለ።



ዮሃንስ ድማ ንቡዙሓት ሰባት ናብ ጎይታ የምጽእ ነበረ። ግን ሄሮዲስ እቲ ጨካን መራሒ ንዮሃንስ ናብ ቤት ማእሰርቲ ኣእተዎ። "ንሰበይቲ ሓውኻ ከም ሰበይትኻ ጌርካ ምውሳድ ሓጥያት እዩ" ስለ ዝበሎ እዩ ኔሩ፡፡ ሄረዶስ ግን ነቲ ሓቂ ይፈልጥ ኔሩ እዩ፡፡ ዮሃንስ ጻድቅ ሰብኣይ፡ ካብ እግዚኣብሄር ከም ዝተላእኸ ይፈልጥ ኔሩ እዩ። ሓጥያት ካብ ምግባር ከቃርጽ ግን ኣይደለየን። ዮሃንስ ድማ ኣንጻር ሓጢኣት ምስባኽ ከቃርጽ ኣይክእልን እዩ ወላ፡ ናብ ቤት ማእሰርቲ ተኾነ።



ኣብ ዓመት ናይ ሄረዶስ ድማ ዓቢ ጽንቢል ኮነ። ጓል ሄረዶስ ድማ ንኽብሪ እቲ በዓል ሳዕሰዐት። እዚ ድማ ንሄረዶስ ኣሐጎሶ። "ዝደለኽዮ ኣዚዚ" ክገብረልኪ እየ ድማ በላ። "ወላ ፍርቂ ንግስነተይ ተኾነ" ኢሉ ድማ ተመባጽዓላ።





"እንታይ ደኣ ክእዝዝ እየ" እታ ጓሉ ሓሰበት። እታ ጨካን ኣዲኣ ግን እንታይ ከም ትእዝዚ ባዕለይ ክነግረኪ እየ ድማ በለታ። ንዮሃንስ ትጸልኣ ስለ ዝነበረት ድማ ፡ ኣዝዩ ዘስካሕክሕ ትእዛዝ ነገረታ።

"ናይ ርእሲ ዮሃንስ ኣብ ፒያቲ ገርኩም ኣምጽኡለይ" ድማ በለቶ እታ ጓል ንሄረዶስ። በቲ ዝተማባጽዖ ኣዚዩ ተጠዓሰ ግና ዝገብሮ ኣይነበሮን። "ርእሲ ዮሃንስ ቆሪጽኩም ናብዚ ኣምጽኡለይ" ኢሉ ድማ ኣዘዘ ሄረዶስ። እቲ ወተሃደሩ ድማ ተኣዘዞ።



እንዳሓዘኑ ድማ ኣዕሩኽቲ የሃንስ ነቲ ስግኡ ቀበሩዎ፡፡ ናይ የሃንስ ስራሕ ንእግዚኣብሄር ግን ኣየቃረጸን። ምናልባት የሱስ ካብ ሓዘኖም ከም ዘጸናንዕም ፈሊጦም ኔሮም ኢዮም።



እቲ ካብ እግዚኣብሄር ዝተላእከ ሰብኣይ

ዛንታ ካብ ቃል እግዚኣብሄር። መጽሓፍ ቅዱስ

ማሪቆስ 6፡ ሉቃስ 1፡ ሉቃስ 3

"ምኽፋት ቃልካ የብርህ ንገርህታት ኣእምሮ ይህብ።" መዝሙር 119፧130

መፈጸምታ

እዚ መጽሓፍ ብዛዕባ እቲ መደነቕ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እዩ ዝነግር፣

ቃል ኣምላኽ ኩልና ሓጢእና ክብሪ ኣምላኽ ከም ዝሰኣና
ይነግረና፣ ዓስቢ ሓጥኣት ሞት እዩ። ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና
ብየሱስ ክርስቶስ ጎይታና ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ፣ ንሕና ገና ሓጥኣን ከሎና
ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ ኣምላኽ ኣታ ፍቕሩ ንኣና ብዚ የርኢ ኣሎ፣
እንተ ንየሱስ ክርስቶስ ከም
ጎይታናን መድሓኒናን ተቀቢልናዮ ንሱ ካብ ኩሉ ሓጥያትናን
ኣበሳናን እቅረ ክብለልና እሙንን ጻድቕን እዩ፣

ኣምብኣረይ ሕጂ እዚ ጸሎት እዚ ብሓባር ንጸሊ!
“ኦ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብሓጥያተይ ይእመን ኣለኩ። የሱስ
ወዲ ኣምላኽ ኣብ ክንዲ ሓጥያተይ ከምዝሞተለይን ካብ ምውታት ድማ ከም
ዝተንሰኣን እኣምን ኣለኹ፣ ኦ ጎይታ የሱስ ካብ ኩሉ ሓጥያተይ ምሕረት ክትገብረለይን
ሓድሽ ሂወት ክትህበንን ይዕድመካ ኣለኹ፣ ካብዚ ሰዓት ጀሚረ ውሉድ ኣምላኽ
ክኸውን መሰል ስለ ዝሃብካንን ሓድሽ ፍጥረት ስለዝገበርካንን የመስግነካ
ኣለኹ፣” ኣሜን፣

ቃል ኣምላኽ ነንብብ ምስ እግዚኣብሄር ድማ ኩሉ ሳዕ ንዘራረብ! የውሃንስ 3፡16